ለጎ

## ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ ምንግስቲ ትግራይ

### ቢሮ ትምህርቲ፣ ቢሮ ጥዕና፣ ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣነስትዮ

# ግደ ወለዲ ኣብ ምምዕባል ቋንቋ

**ንመምህራን፣ ሰራሕተኛታት ትካላት ሓብሐብቲ ህፃናትን ወለድን ንምይይጥ ዝተዳለወ ጥራዝ መሰልጠኒ**

2012 ዓ.ም

**ተርጐምትን ኣስማዕማዕትን**

1. ኣይተ ኣስመላሽ ባራኺ
2. ኣይተ ኣሰገደ ኣሳሂል
3. ኣይተ ስዩም ሓጐስ

# ግደ ወለዲ ኣብ ምምዕባል ቋንቋ

## ትሕዝቶ


| ርዕሲ | ገፅ |
|---|---|
| ሓፈሻዊ መምርሒ እቲ ስለጠና | 2 |
| ህፃናት ከመይ ምርድዳእ ይኽእሉ? | 3 |
| ተግባራዊ ልምምድ | 4 |
| ቁልፍ መልእኽቲ | 8 |
| ንመሳለጢ ዝቐረበ ዝርዝር ሓበሬታ | 9 |
| ግደ ወለዲ ኣብ ምምዕባል ቋንቋ ህፃናት | 15 |
| ተግባራዊ ልምምድ | 16 |
| ቁልፍ መልእኽቲ | 17 |
| ንመሳለጢ ዝቐረበ ዝርዝር ሓበሬታ | 18 |
| ዛንታ ምዝንታው/ ምንባብ | 22 |
| ተግባራዊ ልምምድ | 23 |
| ቁልፍ መልእኽቲ | 24 |
| ንመሳለጥዊ  ዝቐረበ ዝርዝር ሓበሬታ | 28 |

## ሓፈሻዊ መምርሒ እዚ ስልጠና

**ዕለማ ስልጠና፡-** ድሕሪ እዚ ስልጠና ወለዲ/መዕበይቲ ዕብየት ቋንቋ ህፃናት ግቡእ መነቓቐሒ ከመይ ከምዘማዕብሉ ይግንዘቡ፡፡

**ተሳተፍቲ እቲ ስልጠና**

ኣብ ስልጠና ተሳተፍቲ ክኾኑ ትፅቢት ዝግበሎም ኣካላት መምህራን፣ ህፃናት ኣብ ምክንኻን ዝሳተፉ ትካላት ዝሰሑ ሰራሕተኛታት፤ ወለዲ/ መዕበይቲ እዮም፡፡

**ክለሳ ሕሉፍ ምይይጥ**

ሕድሕድ ሰልጣኒ ኣብ ሕሉፍ ዝተምሃሮም ንምዝኽኻር ኣብ ሕድሕድ መዓልቲ ክልተ ተሳተፍቲ ኣብ ሕሉፍ ምይይጥ ዝተልዓሉ ቁም ነገራት ቅድሚ ዕለታዊ ትምህርቲ ምጅማሩ ከቕርቡ ምግባር፣ ንኣብነት፡-

1. ኣብ ሕሉፍ ዝተመያየጥናሎም ዛዕባታት እንታይን እንታይን ነይሮም?
2. ኣብ ሕሉፍ ካብ ዝተመያየጥናሎም ርእሰ ጉዳያት ኣብ ገዛኹም ምስ ደቅኹም እንታይ ገይርኹም? ዘጋጠመኩም ፀገም ኣሎ ዶ?
3. ሕሉፍ ትምህርቲኹም ንኅራብትኹም ኣካፊልኩም ዶ?

**ተፍተሽ ቅድመን ድህረ ስልጠና**

ሕድሕድ ክፋል ስልጠና ቅድሚ ምጅማሩ ንተሳተፍቲ ተፍተሽ ቅድመ ስልጠና ይወሃቦም፡፡ ኣብቲ ስልጠና ዝረኸብዎ ፍልጠት ንምግምጋም ድማ ተፍታሽ ድህረ-ስልጠና ኣብ ኣብ ሕድሕድ መወዳእታ ምዕራፍ ይወሃብ፡፡

**ሓፈሻዊ ስሪት እቲ ስልጠና፤**

ፈላማይ መዓልቲ እቲ ስልጠና ዝስዕቡ ስሪታት ንትሳተፍቲ ሓበሬታ ምሃብ፣

- ኣቀማምጣ ሰልጠንቲ ፍርቂ ክቢ ወይ “ሀ” ክኸዉን ከምዝኽእል ምሕባር፣
- መሳለጥትን ተሳተፍትን ነኒ ባዕሎም ክላለዩ ምግባር፣
- ሰዓት ምኽባር

- ኣብ እዋን ስልጠና ሞባይል ስልኪ ምዕፃው/ኣልቦ ድምፂ ምግባር፣
- ኣብ ሕድሕድ ክፍለ ግዘ ስልጠና ብስዓትካ ምርካብ፣
- ውዑይ ተሳትፎ ምግባር፣
- ሓሳብ ካልኦት ሰባት ምኽባር፣
- ፅብረቓ ዘቕርብ ሰብ ኣብ ሕድሕድ መዓልቲ ቅድሚ ስልጠና ምጅማሩ ኣብ ሕሉፍ ዝተምሃርዎም ትምህርቲ ኣመልኪቶም ንተሳተፍቲ ንምዝኽኻር ሓፂር ገለፃ/ፅብረቓ/ ዝገብሩ ክልተ ሰባት ምምራፅ፣ ንመቕረብቲ 5 ደቒቓ ምሃብ፣
- ምትዕርራይ ኣብ መጀመርታ መዓልቲ 10 ደቒቓ መሰልጠንቲ መሰልጠኒ ቦታ የተዓራርዩ፡፡
- ተቖፃፃሪ ሰዓት ምምራፅ፣

## ንስልጠና ዘድልዩ ናውትታት

- ብብርኪ ዕድመ ህፃናት ዝተዳለዉ ዛንታታት ወይ መፃሕፍቲ ታሪኽን ስእልታትን
- ረብሓ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምግቢ ዘርኢ ስእላዊ መግለፂ/ቢል ቦርድ/
- ተተኻኢሉ ኤል ሲ ዲ ፕሮጀክተርን ኮምፒውተርን
- ፅሩይ ፃዕዳ ወይ ፀሊም ሰሌዳ፣ ፍሊፕ ቻርት
- ማርከር
- ስእክርቢቶን ደፍተርን
- በረርቲ ፅሑፋት ወዘተ.

# ግደ ወለዲ ኣብ ምምዕባል ቋንቋ

## እዋን ምይይጥ 1

## ህፃናት ከመይ ምርድዳእ ይኽእሉ?

**ዝተመደበ ግዘ፡ ስልሳ ደቂቃ**

| |
|---|
| ***መሳለጥቲ***<br>*ካብዚ ንታሕቲ ዝቀረቡ መበገሲ ነጥብታት ኣንብቡ፡፡ ከምኡዉን ዝበለፀን ዝሰፍሐን ሓበሬታ ዝርከበሉ ኣብዚ ምይይጥ መወዳእታ ክፋል ንመመያየጢ ተወሳኺ ሓበሬታ ዝብል ስለ ዘሎ ብዝግባእ ፈትሹ፡፡* |

***መሳለጥቲ  ቅድሚ ምይይጥ ከንብብዎ ዝግባእ ጠቓሚ ነጥቢ***

*ህፃናት ልክዕ ከም ዓበይቲ ሰባት ስሩዕ ቋንቋ ምጥቃም ፈተነ ዝጅምርሉ ዕድሚኦም ሓደ ዓመት ክመልኦም ቁሩብ ኣዋርሕ እንትተርፎም እዩ፡፡ ዕድሚኦም ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽዱሽተ ወርሒ ኣብ ዘሎ ግዘ ትርጉም ዘይብሎም ድምፅታት ቀስ ብቀስ ድማ ፍትሒት ዘይብሎም ክፋል ቃላት ብምድግጋም ምልምማድ ይጅሙ፡፡  ቀፂሎም ብዓል ሓደ ፊደል ቃላት(ንኣብነት ባባባ፣ ማማማ፣ ዳዳዳ፣ ሃሃሃ) ንመረዳድኢ ይጀምሩ)፡፡ ህፃናት ምዝራብ ቅድሚ ምጅማሮም ኣብ ዙርያኦም ዘለዉ ሰባት ዝዛረብዎም ቀለልቲ ዝርርባት ምርዳእ ይኽእሉ፤ ብምድማፅ ክእለት ቋንቋኦም የማዕብሉ፡፡ ህፃናት እንታይን ከመይን ከምዝዛረቡ ዝርርብ ካልኦት ሰባት ብምድማፅ ይምሃሩ፡፡  ኣብ ከይዲ ኣብ ከባቢኦም ናይ ዝርከቡ ሰባት ዝርርብን ተግባራትን ብምርኣይ ንምምሳል ልምምድ ይጅምሩ፡፡*

*ቋንቋ መረዳድኢ እዩ፡፡ ህፃናት ኣብ ላዕሊ ከምዝተገለፀ ቀስ በቀስ ብዝኾነ ኣካይዳ ድሌቶምን ዝስምዖም ስምዒትን ኣብ ከባቢኦም ንዘለዉ ሰበት የመሓላልፉ፡፡ ዕድሚኦም እናወሰኸ እንትኸይድ ኣብ እዋን ዝርርብ ኣወፃፅኣ ድምፂ ካልኦት ሰባት፣ ምንቅስቓስ ገፅ፣ ምንቅስቓስ ኢድን ኣጠቓቕማኡን፣ ከምኡዉን ሓፈሻዊ ምንቅስቓስ ሰዉነቶም ኣዋሂዶም ከመይ ከምዝጥቀሙ ክትትል ይገብሩ፡፡ ነዚ ድማ ኣምሲሎም ንምትግባር ይፍትኑ፡፡*

## ክለሳ መርሃ ግብሪ ሕሉፍ ምይይጥ (ሓሙሽተ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**
ክልተ ተሳተፍቲ ካብ ሕሉፍ ምይይጥ ዋና ዋና ዝብሃሉ ፍረ ሓሳባት ከቅርቡ ሕተቱ፡፡

1. ኣብ ሕሉፍ ዝተመያየጥናሎም ነገራት እንታይን እንታይን ነይሮም?
2. ሕሉፍ ትምህርቲ በኣብ ከባቢኹም ወይ ኣብ ስራሕ ቦታኹም ንዝርከቡ ሰባት ኣካፊልኩም ዶ?

**መሳለጥቲ**
ዒላማታት ኣብራህርህሎም፡፡

**ዕላማ ምይይጥ፡-** ወለዲ ድሕሪ እዚ ምይይጥ፡-

- ኣብ ምዕባለ ቋንቋ ደቆም ሓሳብ ይለዋወጡ፡፡
- ብርኪ ምዕባለ ቋንቋ ይፈልዩ፡፡

## ተግባራዊ ልምምድ- ዕዮ ጉጅለ (ዒስራ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**

*ቋንቋ ንምንታይ ይጠቅም? ቋንቋ ተዘይህሉ ምርድዳእ ምተኽኣለ ዶ?*

እዚ ሕቶ ከም መነቓቕሒ ንወለዲ ብምቕራብ ክንዲ ዝፈልጥዎ ክዛረቡ ምብርትታዕ የድሊ፡፡ ረብሓ ቋንቋ ምርድዳእ ከምዝኾነን፣ ካብ ወለዲ ሓሳብ ብምብጋስ ቋንቋ ተዘይህሉ ነይሩ ከምዚ ሎሚ ብዕሑፍን ብዝርርብን ብዝደርጀወ መልክዑ ሓሳብና ምልውዋጥን ምርድዳእን ዘይክኣል ከምዝኾነ፣ ሐዚ ዓለም በፂሓቶ ዘላ ብርኪ ምዕባለ፣ ስልጣነ፣ ሰላምን ልምዓትን ምፍጣር ከቢድ ከምዝኾነ ግለፅሎም፡፡ ናይ ሎሚ ምይይጥ ብዛዕባ ምዕባል ክእለት ቋንቋ ህፃናት ከምዝኾነ ብምዝራብ ተዳልዮም ብዘለዉ መሪሕ ሕቶታት ወለዲ ሓሳብ በቢ ጉጅለ ኰይኖም ክለዋወጥሎም ምዝራብ፡፡ ጉጅለ ምምዳብ፡፡

ሕድሕድ ጉጅለ ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ምይይጥ ክገብሩ ምሕባር፡፡

1. ህፃናት ኣብ ዝስዕብ ዕድሚኦም ክንደየናይ ዝኣክል እንዛረቦም ይርድኦም? እንታይ ምግባከ ይኽእሉ?

    ሀ. ሓደሽቲ ዝተወለዱ ህፃናት

    ለ. ናይ ሰለስተ ወርሒ ህፃናት

    ሐ. ናይ ሽውዓተ ወርሒ ህፃናት

    መ. ናይ ሓደ ዓመት ህፃናት

    ሠ. ናይ ክልተ ዓመት ህፃናት

    ረ. ናይ ኣርባዕተ ዓመት ህፃናት

2. ህፃናት ኣብዞም ዝስዕቡ ክሊ ዕድሚኦም ምስ ወለዶም ወይ ዓበይቲ ሰባት ከመይ ይረዳድኡ? ንኣብነት፡- ንዓርሶም ከመይ ምግላፅ ይኽእሉ? ህፃናት እንትሕጎሱ፣ እንትሓዝኑ ወይ እንትናደዱ፣ እንትሓሙ ዘርእይዎ ስምዒት ብኣብነት ብምርኣይ፣

    **ሀ.ሓደሽቲ ዝተወለዱ ህፃናት** (ንኣብነት፡- እንትሕጎሱ፣ ምስሓቕን ምርግጋፅን፣ እንተሕሞም ወይ እንትናደዱ ምብኻይ፤ ዘይምንቅስቓስ ሓደ ተግባር ወዘተ እዮም፡፡)

    **ለ. ናይ ሰለስተ ወርሒ ህፃናት** (ንኣብነት፡-እንትሕጎሱ ምርግጋፅ፣ ፍሽኽታ ዘለዎ ገፅን ምፍርጋጥ፣ ንወለዶም እንትርእዩ  ብታሕጓስ/ፍሽኽታ ምፍርጋጥ፡፡ እንተሕሞም ወይ እንትናደዱ ሕርር ኢሎም ምብካይ፣ ገፆም ምጭምዳድ፣ ገፆም ኣጨማዲዶም ምፍርጋጥ፣ ወላዲ ከፃውቶም እንትፍትን ስሚዒት ቷሕጓስ ዘይምርኣይ፣ ኣይምገብን /እንብለይ ምባል)

    **ሐ. ናይ ሽውዓተ ወርሒ ህፃናት** (ንኣብነት፡- እንትሓዝኑ ወይ እንትናደዱ ምብካይ፤ ምፍርጋጥ፤ ሰብ እንትቓርቦም ምብካይ ኣይሕቆፍን ምባል፣ ንምግቢ እንብለይ ምባል፣ መፃቲ ወይ ካልኦት ኣቑሑ ምድርባይ ፣ እንትሕጎሱ ምስሓኽ

ሰብ እንትቓርቦም ብታሕጓስ ክትሕቆፍ ፍቃደኛ ምዃን፣ ወለዲ ክትሕዞም ኢዶም ብምዝርጋሕ ምዕዳም፣ ወለዲ ዘይሰምዕዎ ትርጉም ኣልቦ ድምፅታት ምውፃእ፣ ወላዲ ‹ሓዝዎ/ሓዝዋ ዝብሉን ካልኦትን ቃላት እንተውፅእ ምስሓቕ ፣ወዘተ)

***መ. ናይ ሓደ ዓመት ህፃንት*** (**ንኣብነት፡-** እንትሕጕሱ ፌሽኽታ/ስሓቕ፣ ዝተሓጕስሉ ነገር ምድጋም ወይ ክድገመሎም ብምልክት ምሕታት፣ ምስ ትሕብሕቦም ሰብ ክፃወቱ ፍቓደኛ ምዃን፤ እንትሓዝኑ ወይ እንትናደዱ ምኹራይ፣ ምብኻይ፣ መዕበይቶም ክተፃውቶም እንተደለየት እዉን ፍቃደኛ ዘይምዃን መፃወቲኦም ወይ ካልእ ኣቕሓ ምድርባይ፤)

***ሠ. ናይ ክልተ ዓመት ህፃን*** (**ንኣብነት፡-**እንትሕጕሱ ፌሽኽታ/ስሓቕ፣ ሓጐሶም ብቃላት ምግላፅ፤ ዝተሓጕስሉ ነገር ኰነ ኢሎም ክድገም ብቃላት ምሕታት፣ ዘሐጕሶም ነገር ምድግጋም፤ ምስ ዘሐጉሶም ነገር ወይ ሰብ ምቕራብ፡፡ እንትሓዝኑ ወይ እንትናደዱ ድማ ዘናደዶም ሰብ ወይ ነገር እንትርእዩ ወይ እንትሰምዑ ምብካይ፣ ንዘናደዶም ሰብ ምርሓቕ፣ ምውቓዕ፣ ምኹራይ፣ ናይ ዝሓዘነ ገፅ ምርኣይ፣ ምዕማፅ)

***ረ. ናይ ኣርባዕተ ዓመት ህፃናት፡*** (**ንኣብነት፡-**እንትሕጕሱ ዘሐጕሶም ፀወታ ወይ ስራሕ ደጋጊሞም ምፅዋት ወይ ክትሰርሕ ምድላይን ዘሐጉሶም ነገር ወይ ሰብ ምቕራብ፣ እትንፍለዮም ድማ ምሕዛን፣ ምሹራይ፣ ኰነ ኢልካ ዘየሐጉሶም ፀወታ ወይ ተግባር ምፍፃም፣ ንወለዶም ምልማን/ንኣብነት እሶም ምልፃይ፣ ብሓኪም ዝተኣዘዘ መርፍእ ምውጋእ ዝእኣመሰሉ/ ወለዲ ዝኣዘዞም ክፍፅሙ ምድላይን ንወለዶም ምሕታትን/ ሽርሽር፣ ድጉዱግ፤ ምኩርኳዕ፤ ኩዕሶ ምፅዋት)

| **መሳለጥቲ** |
| --- |
| ሕድሕድ ጉጅለ ቀንዲ ፍረ ሓሳብ እቲ ምይይጥ ዘቕርቡ ሰባት ዝተመረፁ ኂኖም ምርግጋፅ የድሊ፡፡ |

## ምኽራብ ፀብፃበ ጉጅለታት

ተወከልቲ ኣባላት ሕድሕድ ጉጅለ ጥማር ሓሳብ ጉጅልኦም ከቕርቡ ይግባእ፡፡ ሓደ መቅረቢ እንተኑኢሱ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ደቒቓ ፀብፃቡ ከቕርብ ይግብኦ፡፡

| |
|---|
| ***መሳለጥቲ*** <br><br> *ሕድሕድ ጉጅለ ዝተመያየጥሉ ሓሳብ ብዝመረፅዎም መራሕቲ ጉጅለ ኣቢሎም ኣብ ውሽጢ 5 ደቒቓ ሓሳቦም ከቕርቡ ከምዘለዎም ምርዳእ፡፡ እኹል ግዘ እንተልዩ ፍቓደኛታት ዝኾኑ ሰልጠንቲ እንተልዮም ህፃናት እንትሕጐሱ፣ እንትሓዝኑ ወይ እንትናደዱ፣ እንትሓሙ ዘእይዎ ኣካላዊ ምንቅስቓስን ገፅታን ብዝርርብ ወይ ብተግባር ከርእዩ ወይ ክገልፁ ግበሩ፡፡* <br><br> *ድሕሪ ሕድሕድ ገለፃ ካብ ሰልጠንቲ ሓደ ሕቶ ወይ ሪኢቶ ክህቡ ምብርትታዕ፡፡* <br><br> *ዝቐረቡ ፀብፃባት፣ ሕቶታትን ሪኢቶታትን ኣመልኪትኩም መጠናኸሪ ሓሳባት ብምሃብ ዕለታዊ ትምህርቲ ምጥቅላል፡፡ መሳለጥቲ ትህብዎ ሪኢቶ መዘክር ንመሳለጥቲ ምስ ዝብል ዝተሳነየ ክኸውን ይግብኦ፡፡* |

## ተፍተሽ ፡- (ሓሙሽተ ደቒቓ)

| |
|---|
| ***መሳለጥቲ*** <br><br> *ንተፍተሽ ዝቐርቡ ሕቶታት ተሳተፍቲ ኣብቲ ውዕልኦም እንታይ ከምዝተምሃሩ ንምግምጋም ዝቀርቡ እምበር ፈተና ዘይምኻኖም ንተሳተፍቲ ግለፅሎም፡፡* <br><br> *ሓደ ፈቓደኛ ተሳታፊ ናይ 6 ወርሒ ህፃን መግለፅታት ክእለት ምዕባለ ቋንቋ ከዘኻክሩ ሕተቱ፡፡ ንምላሽ ሰልጣኒ ዘጠናኽር ወይ መስተኻኸሊ ሓሳብ ይሃባ፡፡* |

## ቁልፍ መልእኽትታት (ሓሙሽተ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**
ቁልፍ መልእኽትታት የንብብሎም፡፡

- ወለዲ ንህፃናት እንትንነኽኦም፣ እንትንሓቑፎም፣ እንትናዛርቦም ወይ ዝተፈላለዩ ገፅታው ምንቅስቓስ እንትነርእዮም ዝህብዎ ዝተፈላለዩ ምላሻት ምርኣይን ምድማፅን ይግብኣና፡፡
- ቅድም ስዓብ ዕብየት ቋንቋ ህፃናት  ተነሳሲሊ ከይዲ ዋላኳ እንተኾነ ኩሎም ህፃናት ብማዕረ ዕብየት ቋንቋው የርእዩ ማላት ኣይኮነን፡፡
- መብዛሕቲኦም ህፃናት ኣብ ሰለስተ ዓመቶም ምዝራብ ዝኽእሉ እንተኾኑ ኣብ ሓሙሽተ ዓመቶም ዛንታ ምዝራብ ይኽእሉ እዮም፡፡

## መጠቓለሊ (ሓሙሽተ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**

ኣብዚ ምይይጥ ወለዲ ከይዲ ዕብየት ቋንቋ ህፃናት እከምዝርኣዩ ምዝኽኻር የድሊ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ዝተምሃርዎም ጠቐምቲ ምኽኑን ናብ ገዝኦም እንተኸዱ ክጥቀምሉ ከምዝግባእ ምግላፅ፡፡ ከምኡዉን ምስ ጐራብቶም ሓበሬታ ክለዋወጥሉ ከምዝግባእ ምዝኽኻር ጠቓሚ እዩ፡፡

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ ኣብ ውዕሎኦም ንዝነበሮም ተሳትፎ ምምስጋን የድሊ፡፡

## መዘክር መሳለጥቲ

**መሳለጥቲ**
ንምይይጥ ኣብዝገብርዎ ምድላዋት ወይ ኣብ ከይዲ ምይይጥ ፍልይ ኢሎም ንዝወፅኡ ሓሳባት ኣብዚ ምዕራፍ ክካተቱ ዝግብኦም ወይ ብድጋሚ ክርአዩ እዮም ኢልኩም ዝኣመንኩምሎም ኣብ መዘርኩም መዝጊብኹም ምትሓዝ፤ እዞም ፍረ ሓሳብ ንቕድሚት ንዝዳሎ መሰልጠኒ ማንዋል ሓጋዚ ይኾኑ እዮም፡፡
-----------------------------------------------------------------------------------------------------------
-----------------------------------------------------------------------------------------------------------

## ንመሳለጥቲ  ዝቐረበ ተወሳኺ ሓበሬታ

### ዕብየት ቋንቋ ህፃናት

ህፃናት ቅድሚ ዘረባ ምኽኣሎም ቅልል ዝበለ ዘረባታት ዓበይቲ ይርድኡ፡፡ ኣብ ከይዲ ብዙሓት ቃላት ምፍላጥ፡፡ ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ሰባት እንተውግዑ ብትኹረት ምርኣይ ኣወፀፃዕኣ ድምፃም፣ናይ ኢድ፣ ናይ ገፅን ኣካላዊ ምንቅስቓስን የፅንዑ፡፡ ህፃናት ወለዲ/ መዕበይቲ  ኣብ ዝዛርብሉ እዋን ብዝተፈላለዩ መንገድታት ማለት ፍሽኽ ምባል፣ ድምፅታት ብምድግጋምን ትኹረት ብምርኣይ  ንምምላስ ፃዕሪ ይገብሩ፡፡

ኩሎም ደቂ ሰባት ከይዲ ዕብየት ቋንቋ ተመሳሳሊ ብዝኾነ መንገዲ ይሓልፉ፡፡ ኰይኑ ግና ኩሎም ህፃናት ተመሳሳሊ ብዝኾነ ይዛረቡ ማለት ግና ኣይኰነን፡፡ ኩሎም ናይ ባዕሎም መንገዲ/ከይዲ ምምሃር ኣለዎም፡፡ ሓደ ሓደ ህፃናት ቅድም ኢሎም ምዝራብ ይጅምሩ፡፡ ገሊኦም ድማ ዘንጊዖም ይዛረቡ፡፡ ኩሎም ህፃናት ሰላስተ ዓመት ምስመልኦም ግና ምራዝብ ይጅምሩ እዮም፡፡

ዕብየት  ቋንቋ ህፃናት ከምዚ ዝስዕብ ብኣዋርሕ ተመቓቒሉ ቀሪቡ ኣሎ፡፡

### ካብ ውልደት ክሳብ 6 ወርሒ ዘለዉ ህፃናት

<u>ክንደየናይ ዝኣክል ይርድኡ?</u>

- ልዑል ድምፂ እንትሰምዑ ይድንግፁ፡፡
- እንትነዛርቦም ፍሽኽ ወይ ስቕ ክብሉ ይኽእሉ፡፡
- ድምፂ ወላዲኦም/መዕበይኦም ይፈልዩ፡፡
- ድምፂ ናብ ዝሰምዕሉ ኣንፈት ይዞሩ፡፡
- ድምፂ ዘውፅኡ ባንቡላታት ብትኹረት ይከታተሉ፡፡
- ንውሑድ ሰከንድ (ካብ15-20) ያጉረምርሙ/የዕጕምጕሙ፡፡
- ሰባት እንተዛርብዎም ፈገግ ብምባል ምላሽ ይህቡ፡፡

ንምርድዳእ እንታይ ይጥቀሙ?

- ወለዲ/ መዕበይቲ  ዝፈልጥዎ መግለፂ ሓጐስ ድምፂ የውፅኡ፣
- ዝተፈላለዩ ድሌታት ንምግላፅ ዝተፈላለዩ ዓይነት ብኽያት ምስማዕ
- ዝፈልጥዎ ሰብ እንትርእዩ ፍሽኽ ምባል፣
- ብዙሓት ድምፅታት ብምጥቃም ትጉም ዘይብሉ ድምፂ ምውፃእ፣
- ምስሓቕ
- ሓዘኖም ንምግላፅ ዝተፈላለዩ ድምፅታት ምውፃእ፣

**ካብ ሸውዓተ ክሳብ ዓሰርተ ክልተ ወርሒ**

ክንደይ ዝኣክል ይርድኡ?

- በቲ ፀወታ ምሕጓሶም ምጅማር ንኣብነት ሓዞ/ሓዛ!
- ድምፂ ናብ ዝሰምዕሉ ኣንፈት ምዟር፣
- እንትናዘርቦም ምድማፅ፣
- ዝተለመዱ ናውትታት ማለት ኩባያ ፀባን ማይን ናይ ካልኦት ነገራት ስም ምፍላይ ከምኡዉን ሓደ ሓደ ሕቶታት ኣዳሚፅካ መልሲ ምሃብን ኣምፅእዮ ካልኦትን
- ብተደጋጋሚ ዝሰምዕዎም ውሕድ ቃላት ምውፃእ፣
- ቀለልቲ ትእዛዛት ሰሚዑ ንምፍፃም ምፍታን፣

ንምርድዳእ እንታይ ይጥቀሙ?

- ኩልትፍትፍ እናበሉ ድምፅታት ምውፃእ (ቡቡቡ . . .ጋ ጋ ጋ )
- ትኹረት እንትደልዩ ካብ ብኽያት ብዝበለፀ ድምፅታት ወይ እናተኾለተፈ ዝርርብ ዝመስሉ ድምፅታት ምውፃእ፣

- ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ምርኣይ ንኣብነት ኢድ ምዝርጋሕ፣
- ድምፅታት ኣምሲልካ ምውፃእ፣
- ሓደሓደ ድምፅታት ብዝግባእ ብዝግባእ ማለት ንኣብነት፡- ማማ፣ ባባ፣ እሽ፣ ካልኦትን

**ካብ ሓደ ክሳብ ክልተ ዓመት**

ክንደይ ዝኣክል ይርድኡ?

- እንትሕተቱ ሓደሓደ ክፍሊኣካላትምሕባር አንዳንድ የአካል ክፍሎችን መጠቆም
- ቐለልቲ ትእዛዛትን ሕቶታትን ምምላስ  ንኣብነት ኣዴኺ/ኻ ኣባይ ኣላ? ንዒ/ዓ ስዓመኒ? ነታ ኩዕሶ ድርብያ/ይያ፡፡
- ቀላልቲ ዛንታታትን መዝሙራትን ብትኹረት ምድማፅ
- ኣብ ቀረባኦም ዝርከቡ ዝጥቀምሎም ናውትታት ሽም እንትፅዋዕ ብኢዶም ምሕባር

ንምርድዳእ እንታይ ይጥቀሙ?

- በቢ ወርሖ ብዙሓት ቃላት ምውፃእ/ምዝራብ
- ዝተወሰኑ ሕቶታት ምሕታት **ንኣብነት፡-** ኣበይ እዩ? ቻው ኪድ? እዚ እንታይ እዩ?
- ክልተ ቃላት ብሓደ ግዘ ምጥቃም ንኣብነት፡- እማማ/ኣደየን፣ ኩባያ ፀባ፣ ካልኦትን

**ካብ ክለተ ክሳብ ሰለስተ ዓመት**

ክንደይ ዝኣክል ይርድኡ?

- ኣፈላላይ ትርጉም ሓደሓደ ቃላት ምርዳእ (ኪድ/ጠጠው በል፣ ንኡሽተን/ዓብዪ፣ ላዕሊ/ታሕቲ)
- ክልተ ዝተተሓሓዙ ሕቶታት ምርዳእ(እቲ ሽሓነ ኣልዒልካ/ኪ ኣብ ጠረጴዛው ኣቐምጦ)
- ዛንታታትካብቲ ቅዱም ንውሕ ንዝበለ እዋን ምድማፅን ምዝንጋዕን፣

ንምርድዳእ እንታይ ይጥቀሙ?

- ዝኾነ ነገር ንምግላፅ ቃላት ምጥቃም፣
- ብዛዕባ ሓደ ነገር ንምዝራብ ወይ ንምሕታት ክልተ ወይ ሰለስተ ቃላት ምጥቃም፣
- ብተደጋጋሚ ሕቶታት ምሕታት፣

**ካብ ሰለስተ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመት**

ክንደይ ዝኣክል ይርድኡ?

- ካብ ካሊእ ክፍሊ ሆነው ሲናገሩ በማዳመጥ መመለስ መቻል
- የቴሌቪዥን ወይም የራዲዮ የህፃናት ፕሮግራምን ማዳመጥና መረዳት መቻል
- መን፣ ኣበይ፣ እንታይን ንምንታይን ዝበሉ ቀለልቲ ሕቶታጠ ምምላስ ምኽኣል

ንምርድዳእ እንታይ ይጥቀሙ?

- ህፃናት ዝተሳተፍሉ ወይ ዝርኣይዎ ተግባራት ምግላፅ
- ንህፃናት ብቐረባ ዘይፈለጥዎም ሰባት ዝርርብ ህፃናጠ ምርዳእ ምኽኣል
- ካብ ኣርባዕተ ንላዕሊ ቃላት ዝሓዙ ምሉእ ሓሳባጠ ምጥቃም
- ቃላት ከይደገሙ ነፃ ኮይኖም ምዝራብ ምኽኣል

ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሽዱሽተ ዓመት

ክንደይ ዝኣክል ይርድኡ?

- ሓፀርቲ ዛንታታት ብምድማፅ ቀለልቲ ሕቶታት ምምላስ፣
- ኣብ ገዛን ቤት ትምህርትን ዝዝረቡ ዛዕባታት ምርዳእ ምኽኣል፣
- መብዛሕቲኦም ፊደላት ብድምፅን ብቅርን ንምፍላይ ምፍታን፣
- ዝተላለይዎም ፊደላት ኣምሲሎም ምፅሓፍን ገጣጢሞም ንምንባብ ይፍትኑ፣

ንምርድዳእ እንታይ ይጥቀሙ?

- ብዙሕ ሓሳባት ዝሓዙ ምሉእ ሓሳባት ምጥቃም፣
- ዘዳመፅዎ ዛንታ መሊስካ ምዝንታው ምኽኣል

- ምስ ህፃናት ይኹን ምስ ዓበይቲ ምርድዳእ፣
- መብዛሕቲኦም ቃላት ብትኽክለኛ ድምፆም ይፅውፅዎም፣
- ሓደ ሓደ ፊደላትን ቁፅርታትን ምጥቃም፣
- ከም ኣባላት ስድራ ተመሳሳሊ ዝኾነ ሰዋስዉ ብምኽታል ምሉእ ሓሳብ ምጥቃም፣

ህፃናት ኣብ ከይደ ምልምማድ ቋንቋ ድምፅታት ብምፍላይ ኣንፈታት ብምሕባርን ዝተነቓቕሐ ዕብየቶም ናብ ፍሽኽታን ስሓቕን ብምዕባይ ክእለት ምዝራቦም ንምዕባይ ኩነታት የመቻችዉ፡፡ ኣብ ዙርያኦም ዘዳምፅዎም ድምፅታት ብምምስሳል ልምምዶም ዘጠናኽሩ እንትኾኑ ድምፆም ብምውፃእ ብተደጋጋሚ ብድምፂ ዝተዓጀቡ ስሓቓ ብምስማዕ መልእኽቲ ንምትሕልላፍ ይፍትኑ፡፡ ካብ ሰለስተ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመት ኣብ ዝኾኑሉ እዋን ዛንታታት ምዝራብ ይጅምሩ፡፡ ብምቕፃል ኣብ ኣርባዕተ ዓመቶም ብኣንፃራዊነት ነወሕቲ ዛንታታት ምዝራብ ይኽእሉ፡፡ ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ህፃናት ብዋናነት ብዙሓት ሕቶታት ዝሓትሉን ትርጉም ቃላት ንምርዳእ ዝፅዕርሉን ግዘ እዩ፡፡

## እዋን ምይይጥ 2፡ ግደ ወለዲ ኣብ ምምዕባል ቋንቋ ህፃናት

**ዝተመደበ ግዘ፡ (ሰላሳ ደቒቓ)**

| |
|---|
| **መሳለጥቲ**<br>ካብዚ ንታሕቲ ዝቐቡ መበገሲ ሓሳባት ኣንብቡ፡፡ ከምኡዉን ዝተብራህረሀ መረዳእታ ዝርከበሉ ክፋል ምይይጥ ተወሳኺ ሓሳብ ንመሳለጥቲ ዝብል ሓሳብ ኣብ መወዳእታ ብዝግባእ ኣንብብዎም፡፡ |

**መሳለጥቲ ቅድሚ ምይይጥ ከንብብዎም ዝግባእ ጠቐምቲ መዘክራት**

ሓደ ሓደ ወለዲ ህፃናት ንነገራት ምርዳእ ዕሽላት ከምዝኾኑ ገይሮም ይሓስቡ፡፡ እዚ ኣተሓሳስባ እዉን ዝርርብ ህፃናትን ወይ ክእለት ቋንቋ ህፃናት ንምምዕባል ከይሓስቡን ኣድላዪ ሓገዝ ከይገብሩን ይገብሮም፡፡

ካልኦት ወለዲ ድማ ህፃናት ኩሎም ነገራት ብምርዳእ ብቕልጡፍ ክዛረቡ ይሕልዉ፡፡ እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ ህፀፃናት ልዑል ፀቕጢ ምፍጣር ስለዝኾነ ህፃናት ብቀሊሉ ተስፋ ክቖርፁ ይገብሮም፡፡

ህፃናት ክእለት ዝርርብ ወይ ቋንቋ ዓቕሞም ዘዕብዩሉ ሓደ ዓይነት ቅልጣፈ የብሎምን፡፡ ወለዲ ህፃናት ብዝርርብ ወይ ብቋንቋ ግንዛቤኦምን ብክእለት ምርድድኦምን ክእለታቶም ኣብ ምንታይ

ብርኪ ከምዝበፅሖ ንምፍላይ ኣብ ሕሉፍ ምይይጥ ዝተልዓሉ ቁም ነገራት ምዝኽኻር ይግብኣክን፡፡ ዕብየት ቋንቋ ህፃናት ንምምዕባል ተመራፂ መንገዲ ኩሉግዘ ንህፃናት ምዝራብ እዩ፡፡ ብዛዕባ ውዕሎኦም ብምዝራብ ኣብቲ እዋን ዝፈፀምዎም ተግባራት ብምግላፅ ፈተነታት ህፃናት ብምብርትታዕ፣ ብምድናኞ ዕብየት ቋንቋ ህፃናት ምምዕባል ይክኣል፡፡ ህፃናቱ ምስ ካልኦት ህፃናት ክፃወቱ ከምኡዉን ምስ ዓበይቲ ክዘራረቡ ብምብርትታዕ ዕብየቶም ምድጋፍ ይግባእ፡፡ ዛንታታት ምንባብ ወይ ምዝንታው እቲ ካልእ ተመራፂ መማዕበሊ ክእለት ቋንቋ ህፃናት መንገዲ እዩ፡፡

ወለዲ ክእለት ቋንቋ ህፃናት ከመይ ከማዕብሉ ይኽእሉ?

- ቀለልቲ ቃላት ተጠቒምካ ምዝራብ፣
- ህፃናት ብፍሽኽታ፣ ብብኽያትን ዓገርገር ብምባልን ድሌቶም እንትገልፁ እዋናዊ ግብረ ምልሲ ብምሃብ ዕብየት ቋንቋኦም ምቅልጣፍ፣
- ኣብ ከባቢ ህፃናት ዝርከቡ ዝተለመዱ ነገራት ብምሕባርን ስሞም ዓው ኢልካ ብምፅዋዕ፣ ብምንካእ ክላለዩ ምግባር፣
- ህፃናት ሓደሽቲ ቃላት ንምዝራብ እንትፍትኑ ደጋጊሞም ክብልዎ ምብርትታዕ፣
- ህፃናት ብዛዕባ ዝርእይዎም ነገራት ብቐሊል ቋንቋ ምዝራብ፣
- ምስ ህፃናት እንተውግዑ ዝተፈላለዩ ድምፅታት ብትኽክለኛ ቃላት ምትካእ፣ **ንኣብነት፡-** ህፃናት ‹ከልቢ› ንምባል ‹ውው› እንብሉ ‹ከልቢ› ዝብል ቃል ብምጥቃም ምዝርራብ
- ብኣካላዊ ምንቅስቓስ ዝተዓጀበ ዝርርብ ምስ ህፃናት ብቕልጡፍ ንምርድዳእ የኽእል፤ **ንኣብነት፡-** ድሓን ኩኑ ንምባል ኢድካ ምውልብላብ ምርኣይ፣
- ክእለት ቋንቋ ህፃናት ንምምዕባል ዛንታ ምዝንታው ወይ ምንባብ፣ መፃሕፍቲ ስእልን መዝሙራትን ምጥቃም ምስ ወለዲ ዘለዎም ቅርርብ የጠናኽር፣ ሰብ ሰፊሕ ሓሳብ ክኾኑ ይኽእሎም፡፡

## ክለሳ መርሀ ግብር ሕሉፍ ምይይጥ (ሓሙሽተ ደቒቓ)

| |
|---|
| **መሳለጥቲ** |
| ሰለስተ ተሳተፍቲ ካብ ሕለፍ ምይይጥ ዋና ዋና ዝኾኑ ሓሳባት ከዘኻኽሩ ይሕተቱ፡፡ |

1. ኣብ ሕሉፍ ዝተመያየጥናሎም ነገራት እንታይን እንታይን ነይሮም?

2. ሕሉፍ ትምህርቲ በኣብ ከባቢኹም ወይ ኣብ ስራሕ ቦታኹም ንዝርከቡ ሰባት ኣካፊልኩም ዶ?

**ዕላማ ምይይጥ፡-** ወለዲ ድሕሪ እዚ ምይይጥ፡-

- ዕብየት ቋንቋ ህፃናት ንምምዕባል ዝሕግዙጠቐምቲ ሓሳባት ይረኽቡ፡፡
- ውዕኢታዊ ዝኾነ ተመክሮኦም የካፍሉ ወይ ካብ ካልኦት ይመሃሃሩ፡፡

## ተግባራዊ ልምምድ፡ ዕዮ ጉጅለ (ኣርብዓ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**

1. ወለዲ ብጉጅለ ምምቃል
2. ሕድሕድ ጉጅለ ንዕብየት ክእለት ቋንቋ ህፃናት ንምድጋፍ እንታይ ክግበር ካብዘለዎም ፍልጠትን ተሞክሮን መሰረት ገይሮም ክመያየጡን ክምልሱ ዝስዕብ ሕቶ ምቕራብ፣
3. ሕድሕድ ጉጅለ ዋናዋና ሓሳባት ኣብ መዘክሮም ብምትሓዝ  ብፀሓፊኦም ኣቢሎም ከቕርቡ መእንታን ሠሓፊ ክመርፁ ምግባር፣

I. ኣብዞም ዝስዕቡ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ህፃናት ዕብየት ቋንቋን ክእለት ምርድዳእን ንምዕባይ እንታይ ዓይነት መበረታትዒ ትጥቀሙ?

ሀ. ሓደሽቲ ዝተወለዱ ህፃናት

ለ. ህፃናት ሰለስተ ወርሒ

ሐ. ህፃናት ሽውዓተ ወርሒ

መ. ህፃናት ሓደ ዓመት

ሠ. ህፃናት ክልተ ዓመት

ረ. ህፃናት ኣርባዕተ ዓመት

## ሓባዊ ምይይጥ

**መሳለጥቲ**

ሕድሕድ ጉጅለ ዝተመያየጥሉ ሓሳብ ብዝመረፅዎም መራሕቲ ጉጅለ ኣቢሎም ሓሳቦም ከቕርቡ ይግብኦም፡፡ ዝቐርቡ ሓሳባት ብኣብነት ክድገፉ ኣለዎም፡፡ ድሕሪ ገለፃ ኣባላት እቲ ጉጅለ ይኹኑ ኣባላት ካልኦት ጉጅለ ሕቶን ሪኢቶን እንተልይዎም ከቕርቡ ዕድል ምሃብን ምብርትታዕን፡፡ ኣብ ዝቀቡ ገለፃታትን ዝተውሃቡ ሪኢቶታትን ግብረ መልሲ ምሃብ የድሊ፡፡

## ተፍተሽ (ክለሳ)፡(ሓሙሽተ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**

ንተፍተሽ ዝቐርቡ ሕቶታት ተሳተፍቲ ኣብቲ ውዕልኦም እንታይ ከምዝተምሃሩ ንምግምጋም ዝቀርቡ እንበር ፈተና ዘይምዃኖም ወለዲ ክግለፀሎም ይግባእ፡፡ ካብ ተሳተፍቲ ማእኸል ምዕባለ ክእለት ቋንቋ ህፃናት ንምዕባይ ዝፍፀሙ ትግባራት ከምኡዉን ረብሓ እቶም ተግባራት ክገልፁ ምሕታት፡፡

## ቁልፍ መልእኽትታት (ሓሙሽተ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**

ቁልፍ መልእኽትታት የንብብሎም፡፡

- ወለዲ ምምዕባል ክእለት ቋንቋ ህፃናት ንምዕባይ ዝገብርዎም ድጋፍ ዕድመ ህፃናት ዘገናዘበ ክኸውንኣለዎ፡፡
- ምዕባለ ክእለት ቋንቋ ህፃናት ተመሳሳሊ ኣይኰነን፡፡ ኰይኑ ግና ዘየቋርፅ ድጋፍን ክትትልን ወለዲ ብምግባር ምዕባለ ክእልት ቃንቋ ህፃናት ምቅልጣፍይክኣል እዩ፡፡

## መጠቓለሊ (ኣርባዕተ ደቒቓ)

| |
|---|
| **መሳለጥቲ** |
| ኣብዚ እዋን ምይይጥ ምዕባለ ክእለት ቋንቋ ህፃናት ንምዕባይ ዝሕግዙ ሜላታት ዝምልከት ዝሓሸ ግንዛበ ከምዝረኸቡ ምዝኻኻር የድሊ፡፡ ብተወሳኺ እዉን ወለዲ ምዕባለ ክእለት ቋንቋ ህፃናት ንምዕባይ ኣመልኪቶም ነኒ ባዕሎም ምይይጥ ከምዘካየዱ ምሕባር፡፡ ስለዝኾነ ድማ ዝተምሃርዎ ምዕባለ ክእለት ቋንቋ ህፃናት ንምዕባይ መበረታተዊ መንገድታት ኣብ ገዝኦም ብምትግባርን ኣብ ደቆም ዝርኣዩ ለውጥታት ብምዝኽኻር ኣብ ዝቕፅል ግዘ ፀብፃብ ከቕርቡ ከምዝግብኦም ምዝራብ፡፡ |
| ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ ኣብ ውዕሎኦም ንዝነበሮም ተሳትፎ ብምምስጋን ዕለታዊ ትምህርቲ ምዝዛም፡፡ |

## መዘክር መሳለጥቲ

| |
|---|
| **መሳለጥቲ** |
| ተሳተፍቲ ንምይይጥ ዝገብርዎ ምድላውን ኣብ እዋን ምይይጥ ጉልህ ኢሎም ዝወፅኡ ሓሳባት ኣብቲ ምዕራፍ ክካተቱ ወይ ክድገሙ ዝግብኦም ፍረ ሓሳባት መዝጊብካ ምትሓዝ፡፡ እዞም ፍረ ሓሳባት እዚ ሰነድ ንቕድሚት ኣብ ምምሕያሽ ልዑል ግደ ስለዘለዎም ትኹረት ሂብካ ምፅሓፍ የድሊ፡፡ |
| ------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------ |
| ------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------ |

## ንመሳለጥቲ ዝቐረበ ተወሳኺ ሓበሬታ

### የምዕባለ ክእለት ቋንቋ ህፃናትን ንምዕባይ ዝሕግዙ ሓሳባት

ወለዲ ምዕባለ ቋንቋ ህፃናት ኣብ ኣብ ግቡእ ፍልጠትን ሓበሬታን ተሞርኲዞም ንምድጋፍ ኣድላዪ ሓበሬታ ብእዋኑ ምርካብ ይግብኦም፡፡ እዚ እዉን ወለዲ ህፃናትን ልዕሊ ዓቕሚ ብምጭናቕ ወይ ብግዲየለሽነት ካብ ምሕዳግ ይከላኸል፡፡ ኩሎም ህፃናት ኣብ ተመሳሳሊ ግዘ ሓደ ዓይነት ብርኪ ምዕባለ ቋንቋ ዘይክበፅሑ ይችላሉ፡፡ ኣብ ሕሉፍ ክፋል ምይይጥና

ከምዝተጠቐሰ መብዛሕቲኦም ህፃናት ክበፅሕዎም ዝግባእ ብርክታት ምዕባለ ቋንቋ ብዝርዝር ቀሪቦም እዮም፡፡ እዚ እዉን ወለዲ ህፃናት ኣብ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ እንታይ ዓይነት ብርኪ ብቕዓት ቋንቋ ከምዘለውዎ ክግንዘቡ ይሕግዝ እዩ፡፡ ሓደ ሓደ ህፃናት ካብ ዝተቐመጠ ደረጃ ብቕዓት ዝበለፁ ኰይኖም ክርከቡ ዝኽእሉ እንትኾኑ ሓደሓዲኦም ድማ ዝተቐመጠ ደረጃ ብቅዓት ዘይክበፅሑ ይኽእሉ እዮም፡፡ ይኹን እንበር ፍቕሪ ወለዲ ፣ግቡእ ክንክንን ምብሬርትታዕን ተተገይርሎም ህፃናት ነቲ ዝተቐመጠ ደረጃ ብቕዓት ቋንቋ ብቀሊሉ ክበፅሕዎም የኽእሎም፡፡ ዕብየት ቋንቋ ህፃናትን ንምምዕባል ካብዚ ንታሕቲ ብደረጃ ዕድመ ዝቐረቡ ሓበሬታታት ምርኣይን ምፍታንን ረብሓኡ ልዑል እዩ፡፡

## ካብ ልደት ክሳብ ሓደ ዓመት ዘለዉ ህፃናት

- ምርድዳእ ህፃናት ንምምሕያሽ ዓይኒ ዓይኖም ብምርኣይ ዝርርቦም ወይ ድምፆም ደጋጊሞም ከጋውሑ ምግባር፣
- ህፃናት ስሓቕን መልክዕ ገፅና ብምምስሳል ክርእዩ ምግባ፣
- ልዕሊ ሽዱሽተ ወርሒ ዘለዉ ህፃናት ምጥቓዕ፣ ጉምጫ ምንፋሕ፣ ምስዓም፣ ትርኣስ ወይ ጠረጴዛ ምድጉዳግ፣ ንሰላምታ ኢድ ምንቅስቓስ ዝመሳሰሉ ግባራት ክርእዩ ብምግባር ህፃናት ክደግምዎ ምብርትታዕ ኣብ ከይዲ ምርድዳእ ንዝርርብ ኣድለዪ ዝኾነ ፈረፋ ምሕላው የምህር፡፡
- ንህፃናት ዝተፈላለዩ ድምፅታት ምምሃር **ንኣብነት፡-** ብብብብ፣ ፕፕፕፕ፣ እምእም ብምባል፣ ድምፂ እንስሳ ዘቤት ክሰምዑ ብምግባር፣ ክፍል ኣካል ሰውነቶም ከምኡዉን ናውቲ ውሽጢ ገዛ ስም ክምሃሩ ምግባር፣
- ሓደ ሓደ ተግበራት ማለት ክዳን ምኽዳን፣ ምውፃእ፣ ምግቢ ምምጋብ፣ ምሕፃብ ሰውነት ካልኦት ተመሳሰልቲ ፍፃመታት እንትፍፀሙ ንህፃናት ብምውጋዕ ዕብየት ቋንቋኦም ምምዕባል፣
- ኣፃብዕቲ ኢዶም ብምቑፃ ምፅዋት፣
- ሓደ ሓደ መገልገሊ ናውትታት ስም ምዛብ፣

## ካብ ሓደ ክሳብ ክልተ ዓመት ዘለዉ ህፃናት

- ዝተፈላለዩ ተግባራት እንትፍፀሙ ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት እንትኸዱ ኣብ ዙያኹም ብዛዕባ ዘለዉ ነገራት **ንኣብነት፡-** መኪና መጺኣ፤ ዑፍ ነፊራ፤ እቲ ኦም ነዊሕ እዩ፤ ክልቢ መፅኡ እናበልካ ዝርርብ ምምሃር፣

- ህፃናት ብቐሊሉ ተደጋመው ክዝረቡ ዝኽእሉ ቀለልቲዝርርባት ንኣብነት፡- ኩዕሶ ንፃወት፣ አደየ/እማማ መፂኣ፣ ኣያ/አባባ ከይዱ

- ህፃናት እንትዛረቡ ዝሕፃናትሕፃናትቦም ደጊሞምን ኣስፊሖምን ምዝራብ ንኣብነት፡- ህፃናት ድሙ እንትብሉ ትክክል! ሪአኻዮ/ኺ ዶ ዓብዪ ድሙ ዓብዪ እዩ ሓቀይ ዶ? ብማለትን ካልኦት መጠናኽሕፃናትቲ ሓሳባት ብምሃብ ምስፋሕ፣

- ቀለልቲ ዛንታታት ምዝንታው፣

- ብዝተኸኣለ መጠን በቢ መዓልቱ ምንባብ፣ ካብ መፅሄት፣ ካብ ጋዜጣን ካብ መፃሕፍትን ዛንታታት እናደለኻ ምዝንታው

- ኣብ ዘንብብሎም ዛንታ ዝርከቡ ስእልታት ክርእዩ ብምግባር ዝተፈላለዩ ሕቶታት ንህፃናት ምሕታት፣ ህፃናት ምላሽ ዘይክህቡ ይኽእሉ እዮም፡፡ ኰይኑ ግና እዚ ተግባር ደጋጊሞም እንትትግብርዎ ህፃናት ዘይተሓሰበ ኣደናቒ ክምልሱ ይኽእሉ እዮም፡፡

## ካብ ክልተ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ዘለዉ ህፃናት

- ህፃናት ዝዛረብዎም ዘረባታት ኣስፍሐና ብምዝራብ ክነውግየም ከምንደሊ ክእዩ ምግባ፣

- ዝሓትዎ ነገር ብግልፂ ክዛቡ ምብርትታዕ፣

- ዝተፈላለዩ ሓድሽቲ ቃላትን ምሉእ ሓሳባትን ብምጥቃም ፍልጠት ቃለት ህፃናት ክውስኽ ምግባር

- ሽም ኣባላት ስድራ፣ ፆታ፣ እንስሳ ዘቤት ምልላይ፡፡ ብተወሳኺ እዉን ኣብ ምሉእ ሓሳብ ውሽጢ ብምእታው ብዝበለፀ ክብንዘቡ ምግባር፣

- ዝተፈላለዩ ናውትታት፣ ፎቶግራፋት ስድራ ኣብ ሓደ ብምቕማጥ ህፃናት ብስሞም እነፀውዑ ክርእዩ ምግባር፣

- እወ ወይ ኣይከውንን ዝብሉ ምላሻት ዝደልዩ ሕቶታት ምሕታት፣

- ዝተፈላለዩ መዝሙራት ክዝሙ ብምግባር ምምሃር፣

- ክንደየናይ ዝኣክል ከምተረድኡ ንምግምጋምን ንምምዕባልን ትክክል ዘይኮኑ ምሉእ ሓሳባት ብምቕራብ ትኽክል ድየ ኢልካ ብምሕታት ምላሾም ክቕርቡ ምብርትታዕ፣ ንኣብነት፡- ንስኽን ወላዲት ህፃን እናሃለኽን ‹‹ ኣነ ኣቦኻ እየ፡፡ አይኰነን ድዩ?›› ኢልካ ምሕታት፡፡ እቲ ህፃን ‹‹ኣይኰንክን›› ክብል

ይኽእል፡፡ እሞ ኣነ ታይካ/ኪ እየ? ወዘተ ዝበሉ ሕቶታት ብተደጋጋሚ ብምሕታት ዓቕሚ ምርድኦም ምምዕባል፡፡

**ካብ ሰለስተ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመት ዘለዉ ህፃናት**

- ዝተፈላለዩ መዝሙራት (ኣሌ ሆይ ኣላሌ ሆይ፣ አረ ኣምሳለን ካልኦትን) ፀወታታት ብምፅዋት ክእለት ዝርርብን ቋንቋ ምዕባይ፣
- ስእልታትን ናውትታትንብዓይነትን ሕብርን ክፈልዩ ምግባር፣ **ንኣብነት፡-** ለ ንስኽን ከልቢ፣ ድሙን መኪና እናበልክን ብዘረባ ወይ ስእሊ ብምርኣይ ፍሉይ ዝኾነ ኣየናይ ከምዝኾነን ንምንታይ ከምዝተፈለየ ክዛረቡ ምብርትታዕ፣
- መዓልታዊ ውዕሎኽን ብምዝራብ ህፃናት ብግዴኦም ውዕሎኦም ክዘራቡ ምብርትታዕ፣
- ዛንታ ከዘንትዉ፣ እንታይ እናሰርሑ ከምዝኾነ ክዛረቡ ምግባር፣
- ፀወታ መሲልካ ክፃወቱ ምብርትታዕ **ንኣብነት፡-** መርዓት መርዓት ወይ ገዛ ገዛ ብምፅዋት ቡን ምፍላሕ፣ ሓኪምን ሕሙምን ኰይንኻ ምፅዋት፣ ዓይነት ምግብን ኣበሳስላኡን ክፃወቱ ብፍላይ ድማ ዝተፈላለዩ ናውትታት ገዛ ተጠቒሞም ኣምሲሎም ክፃወቱ ምግባር፣

**ካብ ኣርባዕተ ዓመት ንላዕሊ ዘለዉ ህፃናት**

- ኣንፈታት የማነ ፀጋም፣ ቅድሚትን ድሕሪትን ምፍላይ ምኽኣሎም ሕቶታት ብምሕታት ምርግጋፅ፣ **ንኣብነት፡-** ፀጋማይ ኢድካ/ኪ ኣርእየኒ/ይኒ? ነቲ ሽሓነ ኣብ ቅድሜኻ/ኺ ግበሮ/ርዮ!
- ነገራ ብሕብሮም፣ ብቕርፆም ብመጠኖምን ክብደቶምን ክፈልዩ ሓቢርካ ምስራሕ፣
- ህፃናት እንትዛረቡ ብትኹረት ብምድማፅ፣ ብምዝራብ፣ ብምድናቕን ብምብርትታዕን ብዝበለፀ ክዛረቡ ምግባር፣ ከምኡውን ኩሉግዜ ናይ ደቅኹም ሕቶ ንምምላስ ድልየት ይሃልኹም፡፡
- ፍልጠት ቃላት ደቅኹም ንምምዕባል ሓደሽቲ ቃላት የላልይዎም፡፡ ከምኡውን ኣብ ምሉእ ሓሳባት ብምጥቃም ፍትሒቶም ክርድኡ ምሕጋዝ፣
- ህፃናት ተጓንፎታትን ዛንታታትን ክዛረቡ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ምሕታት፣
- ቀለልትን ብቐሊሉ ክግመቱ ዘይኽእሉ ፍፃመታት ዛንታታት/ታኻት ብምዝራብ፣ ከምኡውን ኣብ መንጎ እቲ ዛንታ እንታይ ኰነ?፣ ካብኡ ንድሓር

ከ እንታይ ይኸውን? ዝብሉ ዓይነታት ሕቶ ብምሕታት ብመልክዕ ተዋስኦ ክርእዩ ምብርትታዕ፡፡ **ንኣብነት፡-** ሓደ እዋን ቹቹ ዝብሃል ቈልዓ ነበረ፡፡ ቹቹ ንመተዓብይቱን መሓዝቱን ናፌቅዎም ስለዝነበረ ንኣዴኡ ኣፍቂዱ ናብኦም ከደ፡፡  ኣብ ገዛውቶም በፂሑ ማዕፆ ኣንኳሕኲሐ፡፡  ኣብ ውሽጢ ዘይፈልጦ ቀጢን ድምፂ ‹‹መን?›› በለ፡፡ ቹቹ ደንጊፁ ‹‹ኣነ ቹቹ እየ፡፡›› በለ፡፡ ችቹ እንታይ ዝኸውን ይመስለኩም ኢልካ ንህፃናት ምሕታት፡፡ ዝመስሎም ሓሳብ ከቕርቡ ዝተወሰነ ግዘ ምሃብን ምብርትታዕን፡፡

- ንምንታይ፣ መን፣ እንታይ፣ ኣበይ፣ ከመይ ዝበሉ ዓይነት ሕቶታት ኩሉግዘ ብምሕታት ዐቕሚ ምምርማ ደቅኹም ምምዕባል፣
- መፃሕፍቲ ክርእዩ ብምግባር፤ ንዕድሚኦምን ደረጃኦምን ዝምጥኑ ምድላዋት ቴሌቭዥንን ክርእዩን ከዳምፁን ምግባር፣ **ንኣብነት፡-** ክፍለ ግዘ ህፃናት ከዳምፁ ምግበር፡፡ ካብ ዘዳመፅዎ ነገር ክንደየናይ ዝኣክል ከምተረድኡ ምሕታት፣

## ዛንታ ምዝንታው/ምንባብ

### እዋን ምይይጥ 3

**ዝተመደበ ግዜ፡ (60 ደቒቓ)**

| **መሳለጥቲ**<br>ካብዚ ንታሕቲ ዝቐቡ መበገሲ ሓሳባት ኣንብቡ፡፡ ከምኡዉን ዝተብራህረሀ መረዳእታ ዝርከበሉ ክፋል ምይይጥ ተወሳኺ ሓሳብ ንመሳለጥቲ ዝብል ሓሳብ ኣብ መወዳእታ ብዝግባእ ኣንብብኦም፡፡ |
|---|

**መሳለጥቲ ቅድሚ ምይይጥ ከንብብዎ ዝግባእ ጠቀሚ ነጥቢ**

ህፃናት ከምኡዉን ወለዲ ካብ ዛንታ፣ ካብ ታሪኽ፣ ካብ ግጥምን ካብ መዝሙርን ብዙሓት ነገራት ይምሃሩ፡፡

ዛንታ ንህፃናት ምዝንታው/ምዝራብ ትኩረት ህፃናት ንምስሓብ ልዑል ግደ ይገብር፡፡

ህፃናት ዛንታ ወይን ታሪኽ ምዝራብ ሓሰቦም ብሓደሸቲ መንገድታት ንምቕራክእለታት ከማዕብሉ ይሕግዝ፡፡ ብተወሳኺ እዉን ኣብ ዘንታ ምዝንታው ቅደም ስዓበ ምኽንያትን ውፅኢትን ይምሃሩ፡፡ ዛንታታት ብቃል ክዝንተዉ ወይ ንህፃናት ካብዝተዳለዉ መፃሕፍቲ ክንበቡ ይኽእሉ፡፡ ኣቀራርባ ዛንታ ስእላውን ተዋስኣዊ ብዝኾነ መልክዑ፣ ከምኡዉን ተውኔታዊ ክለማመዱ ይገብር፡፡ ስእላዊ መፃሕፍቲ ዛንታታት፣ ህፀናናት እናገላበጡ ክራርእይዎ፣ ካብቲ ዝርኣይዎ ስእሊ ተደሪኾም ከዘንትዉ ምብርትታዕ፡፡

## መርሃ ግብሪ ሕሉፍ ምይይጥ (ሓሙሽተ ደቒቓ)

| **መሳለጥቲ**<br>ሰለስተ ተሳተፍቲ ቀንደ ፍረ-ሓሳባት ሕሉፍ ምይይጥ ከቕርቡ ምግባር/ምሕታት፡፡ |
|---|

1. ኣብ ሕሉፍ ብዛዕባ እንታይ ተመያይጥና ነይርና?
2. ሕሉፍ ትምህርትና ኣብ ከባቢኹም ንዘለዉ ሰባት ኣካፊልኩም ዶ?

**ዕላማ ምይይጥ፡-** ድሕሪ እዚ ስልጠና ወለዲ

- ዝርርብ ወይ ዕብየት ቋንቋ ህፃናት ንምድጋፍ ዛንታ ብምዝንታው/ብምንባብ ድጋፍ ይገብሩ፡፡
- ኣብዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ህፃናት ዛንታ የዘንትውሎም፡፡

**ተግባራዊ ልምምድ፡ ሓፈሻዊ ምይይጥ፣ ውድድር ዛንታ ምዝንታው (40 ደቒቓ)**

**መሳለጥቲ**

ፈለማ ክልተ ተሳተፍቲ ብምምራፅ ዝካየዱ ምይይጣት መዘክር ክትሕዙ ምዝራብ፡፡ ድሕሪ ምይይጥ ዋና ዋና ቁምነገራርት ንተሳተፍቲ እሕፅራር ኣቢሎም ከምዘቕቡ ምትሕስሳብ፡፡

> **ሕቶ፡** ዛንታ ንህፃናት ምዝንታው፣ መዝሙር ምምሃር፣ መፃሕፍቲ ምንባብ ዘለዎ ረብሓ እንታይ እዩ? (እንተኒኢሱ ሰለስተ ተሳተፍቲ ምላሽ ክህቡ ይገበር)

ቀፂልኩም ተሳትፈቲ ኮፍ ብዝበልሉ ኣንፈት ብየማን፣ ብፀጋምን ብምፍላይ ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ክጉጀሉ ምግባር፣ ንህፃናት ዝምጥን ዛንታ ብምዝንታው ውድድር ከካይዱ ከምዘለዎም ብምዝራብ ሕድሕድ ጉጅል ስራርሕቶም ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ደቒቓ ክዛዝሙ ምግላፅ፣

እቶም ዛንታታት ወይ ታሪኻት ሕብተሰብ ካብ ዝፈልጦም ስነቃላትን ትውፊታትን ወይእዉን ካብ መፃሕፍቲ ክወስዱ ከምዝኽእሉ ምዝርብ፡፡

ንውድድር ዝኸውን ሓፀርቲ ዛንታታት ከዳልዉ ምዝራብ፤፡፡

1. ንህፃናት ዝምጥኑ ብዙሕ ዛንታታት/ታሪኻት ዘቕረበ ጉጅለ ተዓዋቲ ስለዝኸውን ዝቐረቡ ዛንታታት ሕድሕድ ጉጅለ ብትኽክል መዘክራር ክትሕዙ ምግላፅ፣
2. ነቲ ውድድር ካብ የማን ናብ ፀጋም ክጅምር ምግባር፡፡
3. ካብ ሕድሕድ ጉጅለ ተወኪሉ ዛንታ ዘቕራርብ ተሳታፊ ካብ 3 ደቒቓ ንላዕሊ ከምዘይጥቀም ምግላፅ፣
4. ብዝተቐመጠ ሕገ ደንቢ መሰረት ዝዝንቶ ዛንታ ኣብ 3 ደቒቓ ክውዳእ ምግበር
5. ካብ ዝተቐመጠ ግዘ ንላዕሊ ክኸድ ንዝበለ ጠጠው ብምባል ካሊእ ኣባል እቲ ጉጅለ ክጅምር ምግባር፣
6. በዚ ከይዲ ብዙሓት ዛንታታት ንህፃናት ብዝምጥን መልክዑ ዘቕበ ጉጅለ ተዓዋቲ ይኸውን፡፡

ዝተመፁ ክልት ዳያኑ/ፀሓፍቲ ዛንታ ንህፃናት ዝህቦ ረብሓ ብምግላፅ ውፅኢት እቲ ውድድር ምቕራብ ይግብኦም፡፡ ሕድሕድ ጉጅለ ዘቕረቦም በዝሒ ዛንታታት ክገልፁ ትፅቢት ይግበር፡፡

ድሕሪ ገለፃ ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረቡ ዛንታታት/ታሪኻት ሕቶን ሪኢቶን እንተልይዎም

ከቐራርቡ ምብርትታዕ፡፡ ካብ ተሳተፍቲ ንዝቀረቡ ሕቶታትን ሪኢቶታትን መሰረት ብምግባር መጠቓለሊ ሓሳብ ምሃብ የድሊ፡፡

## ተፍተሽ (ክለሳ)፡(ሓሙሽተ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**

ንተፍተሽ ዝቐርቡ ሕቶታት ኣብ ውዕሎኦም እንታይ ከምተምሃሩ ንምግምጋም ዝቀርቡ እንበር ፈተና ዘይምዃኑ ወለዲ ክግለፀሎም ይግባእ፡፡ ስለዚ ካብ መንጎ ተሳተፍቲ ዛንታ ህፃናት ምዝንታው ዘለዎ ረብሓ ክገልፁ ምግባር የድሊ፡፡

## ቁልፍ መልእኽቲ (ሓሙሽተ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**
ቁልፍ መልእኽቲ የንብብሎም፡፡

- ብወለዲ/መዕበይቲ ንህፃናት ዝዝረቡ ዛንታታት ወይ ታሪኻት ክእለት ቋንቋ ንምዕባይ ድጋፍ ይገብሩ፡፡
- ህፃናት ኣብ ውሽጢ መፃሕፍቲ ዝርእይዎም ስእልታት ይሕጉሱ፡፡ ህፃናተ ስእሊ ዘለዎ መፃሕፍቲ እንትርእዩ ዕሙቕ ዝበለ ግንዛበ ክህልዎም ይሕግዞም፡፡
- ምንባብ መፃሕፍቲ ንህፃናትን ወለድን ክእለት ንባብ ንምዕባይ ልዑል ግደ ይህልዎም፡፡
- ኩሉ ግዘ ንህፃናት መፃሕፍቲ ካብ ዘንብቡ ስድራ ቤት ዝመፅኡ ህፃናት ክእለት ምንባቦም ብቕጡፍ ወይ ብቀሊሉ ይምዕብል፡፡
- ኣዘውቲርካ ንህፃናት መጻሕፍቲ ምንባብ ዓቕሚ ቋንቋን ፍልጠት ቃላትን ንምምሕያሽ ይሕግዝ፡፡
- በቢ መዓልቱ መፃሕፍቲ ምንባብ ምስ ህፃናት ፍልጠት ቃላትን ዓቕሚ ቋንቋ ህፃናትን ቀጥታዊ ረኽቢ ኣለዎ፡፡
- ወለዲ ክእለትን ዝርርብን ደቆምንምዕባይ ዘድሊ ግዳፍን ክትትልን ክገብሩ ይግባእ፡፡

## መጠቓለሊ (ኣርባዕተ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**

ኣብዚ ምይይጥ ወለዲ ንህፃናት ዛንታ ብምዝንታው/ብምንባብ ክእለት ቋንቋ ንምዕባይ ከምዝሰርሑ ከምኡዉን ዐቕሚ ፈጠራ ህፃናት ንምዕባይ ከምዝነቓቕሑ ምዝኻር ይግባእ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ወለዲ ንህፃናት ዛንታ ከመይ ከምዘንብብሎም ብተግባር ምርኣይ ምኽኣሎም ምዝኽኻር፡፡ ብተወሳኺ እዉን ኣብዚ ምይይጥ ወለዲ ክእለት ቋንቋ ህፃናት ንምዕባይ ዛንታ ምዝንታው/ምንባብ ዘለዎ ረብሓ ካብዚ ምይይጥ ከምዝረኸቡ ምዝኽኻር፡፡ ስለዝኾነ ድማ ኣብዚ ምይይጥ ዝረኸብዎ ፍልጠት ኣብ ገዝኦም ብምትግባር ኣብ ደቆም ዝርእይዎ ለውጥታት ብምዕዛብ ኣብ ዝቕፅል ፀብፃብ ክቕርቡ ምዝኽኻር የድሊ፡፡ ወለዲ ንደቆም በተደጋጋሚ ዛንታታት ክዘንትውሎም/ክንብብሎም ከምዝግባእ ብደንቢ ምዝራብ የድሊ፡፡

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ ኣብ መዓልታዊ ምይይጦም ንዝገበርዎ ተሳትፎ ምምስጋን የድሊ፡፡

## መዘክር መሳለጥቲ

**መሳለጥቲ**

ንምይይጥ ዝገብርዎ ምድላውን ኣብ እዋን ምይይጥ ጉልህ ኢሎም ዝወፅኡ ሓሳባት ኣብቲ ምዕራፍ ክካተቱ ወይ ክድገሙ ዝግብኦም ፍረ ሓሳባት መዝጊብካ ምትሓዝ፡፡ እዞም ፍረ ሓሳባት እዚ ሰነድ ንቕድሚት ኣብ ምምሕያሽ ልዑል ግደ ስለዘለዎም ትኹረት ሂብካ ምፅሓፍ የድሊ፡፡

------------------------------------------------------------------------------------------------------------

------------------------------------------------------------------------------------------------------------

## ንመሳለጥቲ ዝቐረበ ተወሳኺ ሓበሬታ

### ረብሓታት ምዝንታው ዛንታ/ምንባብ የማንበብ

- ዛንታ ምዝንታው/ምንባብ ወለድን ህፃናትን ብዙሓት ነገራት ክመሃሩ ዕድል ይህቦም እዩ፡፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዛንታታት መፃሕፍቲ ዛንታታት ዝርከቡ ስእልታትን ታሪኻትን ክእለት ፈጠራር ህፃናት የዕብይ፡፡
- ዛንታ ምዝንታው/ምንባብ ንህፃናትን ወለድን ዘዘናግዕ ተግባር እዩ፡፡ ኣብ እዋን ትረኻ/ንባብ ድምፂ ምቅይይያር ከምኡዉን ኢድካን ከዕኻን ምልውውጥን ምንቅስቓስን ይግባእ፡፡
- ዛንታ ምዝንታው ትኹረት ህፃናት ንምዕባይ ልዑል ግደ ኣለዎ፡፡ ህፃናት ሓሳቦም ብሓደሽቲ ሓሳባት ንምቕራፅ /ንምስኣል ዘኽእሉ ክእለታት ከማዕብሉ ይሕግዝ፡፡ እቶም ዛንታታት ብቃል ኣፀብቕ ኣቢልካ ምዝንታው ይክኣል እዩ፡፡ ከምኡወን ካብ መፃሕፍቲ ምንባብ ይክኣል እዩ፡፡
- ምንባብ ዝኽእሉ ህፃናት ንዕድመኦም ዝምጥኑ መፃሕፍቲ ህፃናት፣ ጋዜጣታት ከንብቡ ምብርትታዕን ዘንበብዎ ክዛረቡ ምግባር፣
- ናይ ስእሊ መፃሕፍቲ ምግንዛብ፣ ፈጠራኻ ምዕባይ፣ ርክብ ወለዲ/መዕበይቲ የጠናኽር፣ ከምኡዉን ዓቕሚ ምግላፅ ሓሳብን ስምዒትን የማዕብል፡፡
- ወለዲ/መዕበይቲ ምስ ህፃናት መፃሕፍቲ ምንባብ ንህፃናት መፃኢ ህይወቶም ዕቡቕ ዕብየት ክህልዎምን ፍቕሪ ንባብ ንምምዕባል ልዑል ግደ ይህልዎ፡፡
- ወለዲ/መዕበይቲ ንህፃናት ኩልግዘ ዛንታ ዘንብቡ እነተኾይኖም ከምኡዉን መፃሕፍቲ እናገዝኡ ኣብ ገዛ መፃሕፍቲ ህፃናት ዝራርከቡ እንተኾይኖም ንቀፃሊ ዝህልዎም ህይወትን ባህሊ ንባብን መሰረት ይኾኖም፡፡
- ንዕብየትን ምዕባለን ቋንቋ ህፃናት፣ ፍልጠት ብዙሓት ቃላት ወለዲ ኩሉ ግዘ ዛንታ ምንባብ ን ምዝንታውን ተግራዊ ክገብሩ ይግባእ፡፡

ብሓፈሻ ንህፃናት መፃሕፍቲ ንምንባብ ዝስዕቡ ጠቐምቲ ሓሳባት ኣለዉዎ፡፡

1. ቅድመ ንባብ ህፃናት (ንፊደላት ምፍላይ፣ ካብ ፀጋም ናብ የማን ፣ ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ምንባብ) ን መፃሕፍቲ ምፍላይ (ሽፋን ቅድሚትን ድሕሪትን መፃሕፍቲ ምፍላጥ፣ ርእሲ መፃሕፍቲ ምፍላይ፣ ወዘተ) ክእለት የማዕብሉ፡፡
2. ዓቕሚ ክእለት ምርዳእ ህፃናት ምዕባይ (ኣብቲ ዛንታ ዝርከቡ ገፀ ባህርያት ስሚዒቶምን ዋና ቁምነገርን ይርድኡ፡፡)

3. ብሓባር ናይ ምንባብ ባህሊ የማዕብሉ፡፡ ርክብ እዉን የጠናኽር፡፡

4. ክእለት ዝተፈላለዩ ቋንቋ የማዕብሉ፡፡